# ድሕሪ ቀብሪ ጂግና ኣቦና ሓጂ ሙሳ ማሓመድ ኑር !!!

ብሚካኤል ኣነስቲኖ ጀርመን

11.03.2018

ድሕሪ ቀብሪ እቦና ሓጂ ሙሳ ስጋዕ ትማሊ ዓርቢ ምሸት ሓሓሊፉ ተኹሲ ይስማዕ ዝለ ዝቀነይ ህዝቢ ካብ ፍርሓት ዝነቀለ ገዛኡ ዓጽዩ ከምእውን ብርከት ዝበሉ ወነንቲ ድካናት ዓጽዮም እዩም ቀንዩም፣ ምኽንያቱ ኣብ ማዓልቲ ቀብሪ ኣቦናን ሓርበኛን ጂግና ሓጂ ሙሳ ማሓመድ ኑር፣ ከባቢ ሽሕ ዝኾኑ መንእሰያት ኣብ ዓዲ ኣበይቶ ከም ዝተኣሰሩ ይፍለጥ። እቲ መቓብር ብኣላት ፖሊስ ብኽፍሊ ሰራዊት 59 ናይ ዞባ ማእከል ብፍሊጶስ ወልደዮሃንስ ዝእዘዝ ብቪላ ጂዳ፣ ብመዳ እንዳስላሴ፣ ብቤት ትምህርቲ ቁርኣን ነበር ፣ ብመስጊድ ካልድ፣ ኣኽቢቦም ስጋ ቀብሪ ስነስርዓት ዝውዳእ ብምጽባይ፣ ብመጉልሒ ድምጺ ገሮም፣ ኮፍያን ዕማመትን ዘለኩም ውጹ፣ ማለት ንዓበይቲ፣ መንእሰያት ግን ካብ 10 ዕድመ ንላዕሊ ስጋዕ 40 ዓመት ዘለኹም ናብዘን ዘለዋ በጣሓት ማካይን ተሰቆሉ ኢሎም እንዳጋፍው በብትሪ ኣብ ሕቆኦም እናዝነቡ ገለ ባሓይሊ ክልተሰለስተ ወታሃደራ ሓቂፎም ናብተን ተቀሪበን ዝነበራ ሰለስተ ዓበይቲ በጣሓት መኪና ከም ኣቅሓ እንዳ ደርበዩ ጸፍጸፎዎም ድሕሪ ምውሳድ ፣ ናብ ማእሰርቲ ዓዲ ኣበይቶ ዳጎንዎም። ኣደታት ደቀን ኣብ እስርቤት ዓዲ ኣበይቶ ከም ዝተኣሰሩ ምስ ፈለጣ፣ መግብን ክዳንን ከብጸሓ ኣብ ቀጽሪ እስርቤት ዓዲ ኣበይቶ ቀንፈዞው ክብላ ምስ ዋዓላ፣ ንምሽቱ ኣብዚ ተኣሲሮም ከምዘለው መን ነጊሩክን፣ ኢሎም እናፋራራሑ እንዳደፋፊኡ ካብዚ ቦታ ቡቁልጥፍ ትእለያ እንተደይኮይኑ ክትዳነና ኢኺን፣ እናበሉ ንዝመለሳሎም ኣደታት ብበትሪ ድሕሪ ምግራፍ ዝርንዝሕ እናነብዓ ናብ ቦተኤን ኣምረሓ ።

ንዓይ ዘጋጠመትኒ ኣብ 2001 ኣብ ኣስመራ ንዕረፍቲ ከይደልኩም ነይረ፣ ኣብዚ ኩነታት ምንቅስቃስ ናይ ተማሃሮ ዩንቨርስቲ ከምእውን ና ጂ15 እዩ ነይሩ፣ ተማሃሮ ዩንቨርስቲ መሰሎም ምስ ሓተቱ ብዓበይቲ ማኪና ገይሮም ናብ ገላዕሎ ድዩም ናብ ዊዓ ወሰድዎም፣ ከም ዝዝከረኒ ሓድ ተማሃራይ ዩንቨርስቲ በቲ ኪሊማ ዝነበረ ክጾሮ ብዘይ ምኻኣሉ ከም ተሰወኤ ይዝከር፣ ስለዚ ኣደታት ነቲ ማራሒ ዩንቨርስቲ ዝነበረ ገጋ ይኽላኣለይ ዶክተር ወልዳኣብ እዩ መስለኒ ነይሩ፣ ደቂና ኣበይ ወሲድክምዎም ክብላ ኣድማ ክገበራ ዘምራሓሉ ዝነበራ ግዜ እዩ፣ ሓንቲ ሰበይቲ ክልተ ደቃ ተማሃሮ ዩንቨርስቲ ተኣሲሮማ ስለ ዝነበሩ ክብገሳ ከለዋ ፣ ጎረቤተን ብስመን ብምጽዋዕ ኣነ እዉን ማሓዛይ ከካይደክን እየ በለኤን፣ ኣንትን ማሓዛይ ንስኽን ድኣ ኣንታይ ተኣሲሩክን ምሳይ ክትከዳ ምስ በለኤን፣ እዋእ ማሓዛይ ጽባሕ ድማ ናባና ክመጽእ እካ እዩ ፣ውሕጂ ከይምጸ መንገዲ ውሕጂ ጽረግ እካ እዩ ዝባሃል በላ፣ እዚ ናይ ኩላትና ጉዳይ እዩ፣ ንዓናይ ድኣ ማሓዛይ፣ ኢለን ብሓንሳብ ተጋዓዛ፣ ክገርመኩም ግን እተን ሰበይቲ ካብተን ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ታኣስራ፣ምኽንያቱ ኣብቲ ቀጽሪ ዩንቨርስቲ ናይ ደቅና ሃለዋት ከይፈለጥና ኣይንኸይድን ካብ ዝበላ ሓንቲ ስለ ዝነበራ ብጂምላ ናብ እስርቤት ወሰድወን፣ ነተን ሰበይቲ ባዓልመን እዮም ደቅኽን ዝተኣሰሩ ኢሎም ፖሊስ ምስ ሓተትወን፣ ኣነ ዝተኣስረኒ ቆልዓ የብለይን ኢለን መለሳ፣ እዋእ እንታይ ዳኣ ኣምጺኡክን ምስ ተባህላ፣ እዞም ተኣስሮም ዘለው ኩሎም ደቀ ኢዮም በላ ፣ በዚ ምኽንያት ነዊሕ ኣሲሮም ሰደድወን፣ ስጋዕ ሕጂ ቢሂወተን ኣለዋ ይብለኩም።

ስለዚ ጉዳይ ኤርትራና ምስ ንምልከት ኣይናይ ኣዩ እቲ ናይ ውልቂ ዝባሃል፣ ሓለፋ ዘለዎ ኣብ ስርዓት ህግደፍ መንዩ፣ መልሱ የለን ብጀካ ሰብ ጱሩራ፣ ካብ ዓለት ድዩ ፣ሃይማኖት፣ ኣውራጃ፣ ንመን ዘየጽነተ፣ ንመን ዘይሰነነ፣ ንመን ዘይረሸነ ወዘተ,፣ ስለዚ ትማሊ ኣብ ከተማና ኣስመራ ምእንቲ መሰሎም ሃይማኖቶም ጠጠው ዝበሉ ኣሕዋትና ኣስላም፣ ናይ ኩሉና ሕቶ እዩ ዝነበረ፣ ከምቲ ህግደፍ ብሮፓጋንዳ ዘካየዶ ናይ ምስልምና እዩ ኢሉ ከዳናግር ምፍታን፣ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ እዩ፣ ገለ እውን ብጭቅታ ብሕልፊ ኣገልጋልቲ እቲ ስርዓት ሰሚዕናዮም ኢና፣ ግን ምንባር ጥራሕ።

ሃገርና ኤርትራ እትውንኖ ናይ ኩሉ ምዕራፋት ታሪኽ ወዲ ሰብ ስነ-ጥንታውን ታሪኻውን ውርሻታት ካብ ኣቦሓጎታትና ዝወረስናዮምን ሓያል ድንቂ ኣብነትን ስልጣነ ዘንጸባርቅ ትሕዝቶ ሓዚላ ትርከብ፣ ሓደ ካብኡ ሃይማኖትናን ዓቢ ታሪኽ ኣማጻጻኡን ባህልን ልምድን ዝጸንሖ ሰለ ዝኾነ ታሪኽናን ሃይማኖትናን ክንዕቅብ ግድታና ይኸውን ፣ስለምንታይ መለለይ መንነትና ስለ ዝኾነ።

ግን ብሂወትና ኮሎና ስርዓት ህግደፍ ንዓመታት ታሪኽ ሓዘል ሃይማኖትና ክህስስን ከጥፍእን ብዓይንና ንርእን ንሰምዕን ኣሎና፣ ስለዚ ኣብ ሃይማኖት ጣልቃ እናኣተወ፣ ኣቲ ናይ መንፈስ ትምህርቲ ከይዓቢ ቀስ ብቀስ ከመይ ገርካ ትዕንዎ እዩ ዕላማ ህግደፍ ፣ስለዚ እቲ ምትእትታው ሃይማኖት ኣብ ኩሉ ክርስትያን ኣይገድፍ ምስልምና ሰለ ዝኾነ፣ ናይ ሓባር ሕቶና እዩ፣ መን ይጀምሮ ብዘይ የገደስ። ኣብ ዝተገብረ ንመሰልና ጠጠው ምስ ንብል ጥራይ እዩ መንገዲ ዓወትና ዝራጋገጽ። ኣይንዓሹ፣ ትማሊ ኣብ በረታዊ ቃልስና ይኹን፣ ኤርትራን ኢትዮጵይን ዝተገብረ ውግእ ባሓደ ጠጠው ዝበልና ሕብረተሰብ ኢና እሞ፣ ሓድነትና ነጠንክር።

ሰላም ምሳኹም!!

ዓወት ንመስርሕ ቃልስና!!